## *ኣባላት ህ.ግ.ደ.ፍ ንኡስ ጨንፈር ሰሜን ላዕላይ ጀርመን ብዕለት 05.11.2016 ኣብ ከተማ ሃምቡርግ ዓመታዊ ኣኼባኦም ኣቃኒዖም*



*ብዕለት 05.11.2016 ኣባላት ህ.ግ.ደ.ፍ. ንኡስ ጨንፈር ላዕላይ ሰሜን ጀርመን ኣብ ከተማ ሃምቡርግ ዓመታዊ ኣኼብኦም ኣካይዶም። መደብ ኣኼባ ብዝኽረ ሰማእታት ድሕሪ ምኽፋት ኣቶ ክፍሎም ጸሃዬ ኣቦ መንበር ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ. ሃምቡርግ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም መእተዊ ቃል ኣቕረበ።*

*ቀጺሉ ፈጻሚ ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ኤምባሲ ኤርትራ ኣቶ ዮውሃንስ ወልዱ ኣብ ሓፈሻዊ ህልው ኩነታት ሃገርን ፡ ቆንስላዊ ኣገልግሎትን፡ ዘተኮረ መግለጺ ሃበ። ኣቶ ካሕሳይ ተወልደ ሓላፊ ንኡስ ዞባ ጀርመን ህዝባዊን ኮማዊን ጉዳያት ድማ ንኩነታት ህግደፍ ንኡስ ጨንፈር ማእከል ጀርመን ንሓፈሻዊ ኩነታት ግንባር ጀርመን ኣመልኪቱ ጸብጻብ ድሕሪ ምቕራቡ፡ብኣቶ ፍጹም ሳህለ ኣባል ህዝባዊን ኮማዊን ጉዳያት ኤርትራ ኣብ ጀርመን " ክብርታትና" ኣብ ዝብል እዋናውን ኣገዳስን ኣርእስቲ ሰፊሕ ኣስተምህሮ ተዋህበ።*

*ተሳተፍቲ ኣባላት ግንባር ኣቶም ዝቐረቡ መደባት ብሕቶን መልስን ክፉት ዜተን ክትዕን ኣሉታውን ኣወንታውን ሸንኻቶም ብድሕሪ ምግምጋም ፡ ጉድለታት ተወጊዱ፡ ኣብ ዝጽበዮም ዘሎ ዓመታዊ መደባቶም ብምትኳር ጸኒዖም ንዝመጹ ውድባዊን ሃገራዊ ዕማማት ከም ወትሩ ከሰላስልዎም ከም ዝኾኑ ድልውነቶም ብምግላጽ ዓመታዊ ኣኼባ ህ.ግ.ደ.ፍ. ንኡስ ጨንፈር ሰሜን ላዕላ ጀርመን ኣብ ከተማ ሃምቡርግ ብዓወት ተዛዚሙ።*

*ወትሩ ዓወት ንሓፈሽ*
*ኣካየድቲ ኣካላት ህ.ግ.ደ.ፍ. ጉጀለታት ንኡስ ጨንፈር ሰሜን ላዕላይ ጀርመን*

*05. 11. 16*